# ኣዝማች ገብረሚካኤል ግርሙ ንቋንቋ ትግርኛና ዘገረሙ!

**ቀዳማይ ክፋል**

ሰላም ክቡራት ኣንበብቲ፡ ከመይ ትኾኑ ኣለኹም? ጸጋ ጥዕናኹም ከመይ ትኾኑ ኣለኹምወ ኣለኽን፧ ግርምሰናይ ወሊላይ ክትብሉኒ በዓል ተስፋ እየ። በሉ፡ ናብናይ ሎሚሓጻር ጽሕፍተይ ከብለኹም እየ፡ እሞደኣ ሃየ በሉታ! እዛ 'ሃየ በሉታ!' ትብል ዘረባ፡ ሓደ ሜሓንዲስ፡ ኣብ ሜካነ ህይወት ኢተገሜ (ሎሚኦሮታ ሆስፒታል) ቅድሚ20 ዓመት፡ ከምዚ እዋን ክዛረባ እየ፡ ንፈለማ ስሚዐያ። ኣጋጣሚድማሳዓ ምልጣፍ፡ ሓውሲ ፍሉጣት ብምንባርና፡ ነቲ ሜሃንድስ፡ 'ሃየ በሉታ! ወይ ድማ 'ሃየ በሉ እስከ!' ይደጋግምብምንባሩ፡ ሳዓ ለጢፍናሉ ምንባርና እዝኽር እየ።

እው፡ **"ንዘረባ ዘረባ የምጽኦ፡ ንሓሜድ ዱግሪ የውጽኦ!"**፣ ድዮምዝበሉ ኣበው። ቅድሚክልተ ዓመት ኣቢሉ፡ ቅድሚ70 ዓመት ኣቢሉ፡ ኣብ ከተማ ኣሥመራ ይነብራ፤ ካብ ዚነበራ ልዕሊ 7 ዝኾና ኣዴታት ረኺበ፡ ከውግዕን ወጃዕ ክብልን እዝኽር እየ። እተን ኣንስቲ ኣዚየን ፍሉጣትን ንታሪኽ ደርማስ ኽብርን ኣፍልጦን ዝሃባ ምንባረን፡ ኣዚየ ብዙሕ ተረቢሐ እየ።

ኣብቲ ወግዕና፡ ብዛዕባ ሓርበኛ ዘርኣይ ደረስ፣ ኣቦይ ወልደኣብ ወልደማርያም፣ ጸሃይቱ በራኺ(ገሊኤን ከምደቂ ክፍላ ዚነበራ ማጠን)፣ ብዛዕባ ኣቦ ዜማ ሃገር ዝኾኑ ኣቦና ኣተውብርሃን ሰጊድ፣ ኣዝማች ገብረሚካኤል ግርሙ ክቡር ኣቶ ዘርኣይ ሰቋር፤ ብዛዕባ ተመራመርን ጸሓፍን ኣልቤርቶ ፖለራን ሊቀ-ሊቃውንቲ ሜቃ ዝኾኑ ኡምቤርቶ ባርቡይን ካልእ ከምእኒ ሓርበኛ ኣባ ፈንቅል ገብረሕይወት ማሻሻን ሊቀ-ሊቃውንቲ ቋንቋታት ዝኾኑ መምህር ሃብተን ይኩን ብዛዕባ ጅግና ስዉእ ተኽሉ ሓዋዝን ሰፊሕ ዕላላት ከምዘዕለልና እዝኽር እየ። እቲ ዝገርሚ ድማእቲ ልዑል ናይ ምዝካር ዕልን ዉህብቶን እዩ ነይሩ፡ ኣምላኽ ዕድመን ጸጋን ይሃበን!!

ንሎሚብዛዕባ ክቡር ኣዝማች ገብረሚካኤል ግርሙ በዓል ገዚፍ ግርማን ተባዕ በዓል ብርዒን ከተኩር ክቕሰብ እየ። ኣብ ሕይወተይ ብዛዕባ ታሪኽ ፍሉጣት ሰባትን ተግባራቶምን ዕዮታቶምን ምፍላጥ ገይሩ ዘዕግበንን ዘርክዓንን ዳርጋ የልቦን እዩ። ኣብ ግዜ ደርጊ ቆልዓ ከለኹ ብዙሓት ኣንበብትን ተመራመርትን ክፋለጥ ዕድል ብምግባረይ፤ ከምዕድል ግምባር ዓውደ ፍኖተ ፍልጠትን ተመኽሮን ገቢረ እቆጽሮ እየ። እቲ ኣነ ዝዓበኹሉ ሰፈር ወይ ገዛውቲ ኣብዝሓ ካቶሊክ እምነት ዚነበሮም ብምንባሮም ናብ ቤተ ክርስትያን ንኺድ ክብሉኒ ከለዉ፡ ወይ ኣካይደና ብዝበሉኒ፡ ኣብቲ ቀጽርታት ሓሸኸት መጽሓፍቲ እዕዘብ ነበርኩ።



ኣብ መንበሪ ኣባይቶምተኩሳ፡ ብርኽት ዝበለ መጽሓፍቲ ይዕዘብ ነበርኩ። ኣብ 1986 ዓ.ም.ፈ ወይ ድማ ኣብ 1978 ዓ.ም ኣቆጻጽራ ሓበሻ፡ ንፈለማ ኩዕሶ ዋንጫዓለም፡ ኣብ እንዳ ኣቦይ ዘርኣይን እንዳ ኣቦይ ኣፈወርቂ ኣብርሃን ገዛ ወይ ቤት እናቀያየርኩ ክርእይ ከለኹ፡ እምብዛ ብርኽት ዚበሉ መጽሓፍቲ ተዓዘብኩ፣ እሞ ሃነን ቢለ ክዕዘቦ እዝከረኒ እዩ።

ኣብቲ ገዛውቲ፡ እንዳ እቶምሰብ መጽሓፍቲ ከምድላየይ ዚኣቱን ዝዕዘብን ብምንባረይ ድማ ፍቕሪ መጽሓፍቲ ክሕዘኒ ጀሚ። ሃይለ ኣብራሃ ዚበሃል ኣንቢቡ ዘይደኽም ኣዚዩ ንፉዕ ተምሃራይ ሳንታ

ኣና ድማሓንቲ ገዛ ተፈልያቶ፡ ብርኽት ዝበሉ መጽሓፍቲ ኣብ ቤቱ ተዓዘብኩ፡ ሕጻን ቢሉ ከይነ ዓቀኒ ድማ"**ንዓ እቶ፡ ኣጆኻ ኣይትሰከፍ እዚ ገዛኻ እዩ እኮ!**" በለኒ። ለዋህን ምስኪንን ሃይለ ኣብራሃ። በዚ ድማኣብ ቤተ-መጽሓፍቲ እንዳ ሰብኣትየ፡ ክገናጽል ዕድል ተርሓወለይ። ካብቲ ጽሑፋት፤ ኣብ ሓንቲ ድማስምበሃር ጸሓፊ ኣዝማቹ ገብረሚከኤል ግርሙዝበራቂቶ ትብል ኣንበብኩ።



እቲ ገዛ እንዳ ኣቦይ ኣፈወርቂ ኣብርሃ፡ ከምገዛይ ብምንባሩ ድማ ዚደለኽዎ መጽሓፍ ክወስድን ከንብብን ሰፊሕ ዕድል ተርሓወለይ። ከምዕሸል ሕጻን ወይ ቆልዓ፡ 'ዚቆዶ እምባር' ዚነቦ ኣይማስሎምን ነበረ።

ኣደይ ድማከይተምሃረት፡ ንቕሕትን ምህርትን ገይሩ ግዲፈጣሪ ፈጢርዋ፡ ንጽሑፍን መጽሓፍትን ልዑል ክብርን ኣረኣእያን ነበራ እሞ ነቲ መጽሓፍቲ ኣብ ጽቡቕ ቦታን ዉሕስ መቐመጥን ተስፍሮ ነበረት። "ዓሻ ዚሓዘን ወረቐት ዚሓዘን ፍጹምኣይለቅቕን እዩ!" እናለት ድማወረቐት ይኩን ስእሊ ናይ ሰባት ዕጹብ ከጥፍእ ወይ ክቐድድ ከምዝ ይብለይ፡ ኣሕሚማትዛረበንን ትምዕደንን ነበረት። በዚ ድማእቲ ጽሑፋትን መጻሕፍትን፡ ኣብ ሓጺናዊ ዚሕሚቱ ዝኩላ ሳጹን ከተቀምጠለይ ጀሚረት።

በዚ ድማፍናንን ድርዒ ሓቦን ክሕዝ ጀሚርኩ፡ ኣብ ሓጺር እዋን እውን ማለት፡ ኣብ 1987-88 ዓምፈ ወይ ድማኣብ 1980 ብስሩዕ ኣብ ጋዜጣሕብረት ተሰላፋይ ኣንባቢ ክኸውን ጀሚረ፟ኹ። እዚ ናተይ ኣብዚ ከቋርጾ ከለኹ ንኣማኑኤል ሳህለ፣ ማሞወድነህ፣ ንዶር ተወልደብርሃን ገብረዝጋብሔርን ካልኦትን ድማብሰባት ክፋለጦምእድል ገበርኩ። እቶምቆልዓ ከይበሉ፡

"ወድ ሰብ፡ ወድ 9 ወርሒእዩ፣ ሜዕረ ድማእዩ። ኣፈላላይ ፍጹምየ ብልናን። ኣብ ጻዕርናን ኣረኣእያናን ጥራሕ ኢና ንፈላላይ እምበር ጥራሕና ኢና ተወሊድና። ረኣዮ እንዶ ኣቦኻ ዑቕባ ሃይለ፡ ደይ ሽቃጢይ እንቋቅሖ እዩ ነይሩ፣ ሕጂ ግን ፍሉጥሃፍታምኮይኑ እንሀልካ፡ ኣብቲ ክትጻወትሉ ትውዕሉ ዘሎሃገግ ዘበለ ሕንጻ እኮ ናቱ እዩ..." ወዘተ እናበሉ፡ ካብ ማስከረም1977 ዓምሓበሻ ጀሚሮምብንጹህ ፍቕርን ሓልዮትን፡ እናሻዕ ከይተሓለሉ ክማክሩንን ክምዕዱንን ሓንቲ መዓልቲ ከየባተኹ ዝጸዓሩን ዝኩስኩሱንን፡ ክቡር ኣቶ ዓንደብርሃን ተወልደብርሃና በዓል ዱባርዋ እዮም፡ ንሰምጋዜጣናይ ምንባብ ባህገ ይርእዮምምቁሽሽ ክህቡኒ ከለዉ፡ ጋዜጣጎይዬ ይዕድግ ብምንባረይ፡ ኣባይ ተስፋ ኣሕደሩ።

እሞድማታሪኽን ምዕዶን ይኹን ሰረተ እምነትን ሞራልን ብልዑል ወንን ብዘይጸዓድ መንፈስን ኮስኺሶምካብዘዕበዩኒ ኣቦይ ዓንደብርሃን፡ ካብ ዝዓደጉለይ ጋዜጣ፡ ብዛዕባ ኣዝማቹ ገብረሚከኤል ግርሙ ብዛዕባ ግራዝማቹ ኣለሙ ካሕሳይ (ወትሩ ሕጉስ) ዝሓዘ ነበረ። ግራዝማቹ ኣለሙ ካሕሳይ፡ ኣብ መዋዕለ ህጻናት ከለና፡ ክልተ ግዜ ክምዕዱናን ክመኽሩናን መጺኦምምንባሮምይቕጀለኒ እዩ። እቲ ምንታይ ዕድመሕጻንነተይን ቁልዕነተይን ኣዚየ ስለዝፈትዎ፡ ብዙሕ ግዜ ምስ ብርቱዕ ክእለት ምዝካር ዘለዎምሙታዕ ብይተይን መምህርተይን ንዝኽሮ ጉዳይ እዩ።

በዝን ወድዝን ኣብ ታሪኽን ፖለቲካን ክግደስ ብምጅማረይ፡ ክብርቲ ማምህረይ ነበር ማምህር ዘፉ፡ ቅድሚ30 ዓመትን 4 ወርሕን ይገብርን፡ ኣብ ታሪኽን ፖለቲኻን ክግደስ ከምዝኒ፡ ኣብ ቅድሚደቂ ክፍለይ ተዛረባኒ፣ ግን ኣብ ሕልናን ሕዮን ቆልዓ ዚተሰንወደ ቃላተ-ምዕዶ እዩ ዚነበረ። ሕጂ ሕስብ ከብሎ ከለኹ ገለ ሓቅታት ይዕዘበሉ ኣለኹ፣ ግን እግረይ ኣይሰጎ ምኹሉን ጸኒሐእየ። ብሓሳብ ግን ክማላለሰኒ ካብ ዚጅምር ግዜ ኣይቀለለን እዩ።

እሞደኣ፡ ምስ ኣዝማች ገብረሚካኤል ግርሙ ብሃሳስ ዝኽሪ ብኸምዚ ፍኖተ ማዲእየ ተላሌዮም ክብል እኽእል እየ። ኣጋጣሚኮይኑ፡ ኣብ ግዜ እንግሊዝ ዝተጻሕፉ ጽሑፋት ከንብብ ዕድል ኣብ ዚጀምርክሉ እዋን ድማብዘዕብኦ ምክፈልጥእምበዛ ረደኹ። ሕጅ እውን ብዘዕብኦ ምክፈልጥ ብርቱዕ ሃንቃ ኣለኒ። ሃንቃሃንቓይ ድማሃለውየ ብለኒ ኣሎእዩ። ስለዚ፡ ትፈልጡገለ በሉኒ ኢኹም፤ ትፈልጣወይዘራዝር ገለ በላኒ ኢኽን ክብል እፈቱ።

ኣዝማች ገብረሚካኤል ግርሙ ብርክት ዚበሉ ቋንቋታት ይፈልጡምንባሮምደጋጊመእሰምዕ እየ። ብፍላይ ኣብ ቋንቋ ግእዝ፣ ኣብ ቋንቋ ኣምሓርኛ (አማርኛ)፣ ኣብ ቋንቋ ትግርኛን ዓሚቕ ፍልጠትን ዕልን ከምዚነበሮምክዕዘብን ክፈልጥን ክኢለ ኣለኹእየ። ብፍላይ ኣብ ዘመን ወትሃደራዊ መንግሥቲ ኢንግሊዝ ዚጸሓፍዎምጽሑፋት ቅድሚሎሚማለት ቅድሚ10 ዓመት ኣቢሉ ብዙሕ ኣንቢበሎን እየ። ኣመና ድማኮሪዐሎምን ተሓቢነ ሎምን እየ። ንሎሚግን ብዘዕባ ሓቀኛ ስሚቶምኣብ ጋዜጣ ክሕተምብምባሮም ብመንግስቲ እንግሊዝ ዝተፈርደሎምፍርዲ፡ ገምድልን ገደልን ወስ ከብል እየ።

እው፡ መንግስቲ ጥልያን ብሓይሊ ሕብረት ተቃለስቲ ኩሳ ብሓርበኛታት ደቂ ሓበሻ ብዝኸፈልዎ ከቢድ ማስዋእቲ፡ ኣብ 1942 ዓ.ም.ፈ፤ ካባ ስዕረት ከምዝተጎልበበ ዝፍለጥሓቂ እዩ። እንተኩሳ ኤርትራ ግዝኣተይ እያ እናበለ ክከራኸርን ዉዲታዊ ዕዮታትን፣ ብስልኳን ብግልጽን ካብ ምስራሕ ግን ፍጹም ኣይተቆጠበን ነይሩ እዩ። ድሕሪ 5 ዓመት ስዕረቱ እዩ ብቃሉ ክእመን ጀሚሩ ዋላ ሽዑ ግን መንፈሱን ነፍሱን ኣብ ምሕንጋድ ምንባሩ ብዙሕ ምስክራት ዝርከቦ ጉዳይ እዩ።

ኣብዚ ድማግደ ኣዝማች ገብረሚካኤል ግርሙዕዙዝ ማካተን ሕራነን ነይርዎ እዩ። ነዚ ድማኣብ ኪዳነ ምሕረት፣ ኣብ ዕዳጋ ሓማስ ን ኣብ ፒያሳ ሚኪኤለ ተኣኺቦምክዘረቡን ከውግዑን፡ ዝሰምዓ እኒ ወይዘሮ ማፍለሽ፣ እኒ ማማዘዉዲ፣ እኒ ማማንግስቲን ካዕናን ወይዘሮ ሥላስን ቆልዑት ኮይነ ን ዝተዓዘብኦ ጸውየናኒ እየን። እዚ ድማእቲ ጉዳይ ኣሚምሙ ከምዝወዓልዎን ዚገበርዎን ዝሕብር እዩ።

ሊቀ መዘምራን ሞገስ ዕቅባ ጊዮርግስ፡ ጸሓፊ መጽሓፍ 'ጥንታዊ ምሳሌ' ኣብ መቕተዊ ምጽሓፎም ንኽቡር ኣዝማች ገብረሚካኤል ግርሙዝሃብዎ ምሥጋና ቆንጪበ ብምቕራብ ክፍለየኩምእየ።

"...ስለዚህምአዝማች ገብረሚካኤል ግርሙዘበራቂነትን ሳላማስግናቸውአላልፍም፡ ... ከራሴ ያሻሻልኩት ማሻሻልና የማስልኩትምቢኖር የጥንቶቹን መሠረት አለቀቅሁም፡ ትግርኛና አማርኛ ሁለምኢትዮጵያዊ ስለሆነ የገጠሜኝን በግጥምያልገጠሜኝን በስዱ ንባብ አጎራርሼዋለሁ። ..."

<u>የኢትዮጵያ</u>

ጥንታዊ ምሳሌ

(በአማርኛ)

=========

**(ስለዚ፡ ንኣዝማች ገብረሚካኤል ግርሙ ዘበራቂቶ፡ ከየማገንክዎምኣይሓልፍን እየ።)**

ሊቀ መዘምራን ሞገስ ዑቅበ ጊዮርግስ፡ ነዚ ቃለ-ምስጋና ዝሃሉ ደራኺ ምኽንያት ተነ ይሩ፡ ኣዝማች ገብረሚካኤል ግርሙዘበራቂቶ፡ ኣዚዮምዕቱብ፣ በሊሕ፣ ዘይጸዓዱን

ግርማዊ ን. ነ ቀዳማዊ ኃይለ ሥላሴ

በነገሡ በ፴፯ኛው ዓመት።

==========

በ፲፱፻፶፱ ዓመተ ምሕረት

ከሊቀ መዘምራን ሞገስ ዕቁበ ጊዮርጊስ

ተጻፈ።

============

ምሕር ግዱስን ጥራሕ ዘይኮነ ሲ፡ ኣብ ታሪኽን ቋንቋን ዚነበሮ ምከምሚይ-ምን ት ፍጹምዘይነ ጽፍ ፍልጠቶምን ተመኽሮታቶምን፡ ኣብ ግምት ብምእታዎምእዩ ዚነበረ ክበሃል ዝከኣል እማስለኒ።

ኣዝማች ገብረሚካኤል ግርሙ ንዝጽሕፎ ጽሑፋት ደኺምምለፊያ ምን፡ እጽሕፍዎ ምንባሮምካብ ጽሑፋቶምትግንዘቦ ነገር እዩ። ብተወሳኺእውን፡ ካብ ዕላላት ፈላሞተምሃሮ ደቂ ሓበሻ ዝኩና ሎሚ (ተጋሩን ኤርትራውያን) ኣብ ማገርያ ወግዕታት ብቐሊሉ ትረኽቦ ሕያውምስኽራት እዮም።

ጋዜጣታት ትግርኛ፡ ኣብ ዘመን ወትሃደራዊ መንግሥቲ ክንዮ፡ ኣብ ከተማታትን ገጠራትን ኤርትራ፡ ኣብ ከተማታትን ገጠርን ትግራይ፡ ኣብ ወሎን ቤገምድርን ይኹን ኣብ ከተማኣዲስ ኣበባ፡ እምብዛ ጣምጣምቢሎምይዕድግዎን የንብብዎን ምንባሮምካብ ሓሸኽት ሰባት ምስኽርነት ረኺበ እየ፣ እንተላይ ኣብተን ጋዜጣታት ካብ ዝጸሓፉ ዚነ ብሩ ጽሑፋትን ግጥምታትን፡ ከምንግንዘቦ እውን፡ ካብ ዓድዋ፣ ዓዲ-ግራት፣ ሽረን ወዘተን ጽሑፋት ካብ ኣንበብቲ ይለኣኹነ ይሮምእዮም።

እዚ ጽዕንቶታት እዚ ካብ እኒ ኣቦይ ወልደኣብ ወልደማርያምን እኒ ገብረሚካኤል ግርሙን ዘርአይ ሰቋርን ወዘተ ዝውሕዝ ዝነበረ፡ ፈለገ ሕይወት ፍልጠትን ስንቂ ነፍስን መንፈስን፡ ካብ ዘይሕለል ጻዕሪ ዚመንጨውምኳኑ ቐሊል ቀመር ዘድልዮ ኣብነ ታዎ ዕዮታቶምእዩ።

ብፍላይ ኣብ ዓድዋ ጸሓፍትን ተመራመርትን ሰባት ብምንባሮን ይኹን ምስ ዝምድናታት ሃይማኖታውን ቤተሰባውን ይኩን ኤርትራውያን ብፍላይ ድማካብ ኣውራጃ ሓማሴን ሕዝብና ከነ ስተምህር ኢና ቢሎም፣ ኣብ ዓድዋ ዚነ በሩ ዓበይቲ ምሁራትን ተመራመርትን፡ ኣብ ምማስራት ቤት ትምህርቲ ንግስተ ሰባ (ኣየ ወ ሎሚኮነ ሓምለ ኮነ ድዮምዝብሉ ኣበው፤ ንግስተ ሳባ ከምዚ ሎሚከይኮነ ት!! ማሕዘኒ ት ስም ጥራሕ ከይሓዘት እንከላ፤ ኣቤት! እወ ብርሃን ትምህርቲ ኣብ ኤርትራ ከምዚ ሎሚከይኮነ ኸሎ!!) እኒ ሃለቃ ተወልደመድህን፣ ሃለቃ ገዘሀኚ ኣፍለይን፣ ብላታ ገብሩን ኣቦይ ጎበዜ ጎሹን ወዘተን ተወሃሂዶም፡ ሕዝቦምን ሃገሮምን ንምልዋጥ፡ ከይተሓለሉ ብእግሮምእናተጉዓዙ እምባን ስንጭሮን ከይተረረፈ እናሰንጠቑ ታሪኽ ዝሰርሑ ባእታታት ወይ ድማ ዉልቀ-ሰባት፡ ተነ ይሮምሓደ ኣዝማች ገብረሚካኤል ግርሙእዮም።

ሓደ ሓደ ሰባት ስምኣዝማች ገብረሚካኤል ግርሙምስ ኣቦ ሓርበኛ ጠቢብ-ጠቢባን የማን ባርያ፡ ገብረሚካኤል ክተሓዋወሶምይዕዘብእየ። እንተኮነ ፥ ኣቦ የማን ፡ ገብረሚካኤል ብስራት (ወድ ሹምባሽ ብሥራት) እዮምዚበሃሉ። ኣብ ቋንቋን ጽሑፍን ገዚፍ እጃምዝነበሩ ሃብሮምወኸፍ እኳ ተኸታ፡ ምስ ክቡር ኣዝማች ገብረሚካኤል ግርሙግን ፍልልይ ኣለዎምእዩ ክብል እፈቱ።

ምኽንያቱ፡ ኣቦ የማን ኣብ ግዜ እንግሊዝ እዮምናብ ጽሑፍን ምህሮ ቀለምን ከተኩሩ ዝጀመሩ፥ ኣዝማች ግን ኣቀዲሞምብዙሕ ዝረኣዩን ዚጸሓፉን ዉፉይ ሓርበኛ ልምዓት-ጽሑፍን ቋንቋን እዮምነ ይሮምክበሃል ዘኽእል ብዙሕ ረቋሒታትን ኣብነ ታትን ኣለዉእዮም።

ኣዝማች ገብረሚካኤል፥ ካብ ኣሥመራ ናብ መሬት ዓጋመ፣ ካብ መሬት ዓጋመናብ ዓድዋ፣ ካብ ጥንታዊት ከተማዓድዋ ድማናብ ሽረን መሬት ቆሓይን ይኹን ወልቃይትን ኣውራጃ ሰራየ ብእግሮምከይተረረፈ ለይትን ቀትርን ዝጓዓዙ፡ ፍጹምደኺሙ ዘይብሉ፡ ንጻዕርን ልፍዓትን ዝተፈጥሩ፣ ልሉይን ስሙይን ኣቦ እዮምነ ይሮም።

ኣብ መዳይ ጽሑፋዊ ኣበርክትኦ ምእሞዓሽ!! ማሕረ-ማሕረ!! ዘበሉ ኣዚዮምፍቱውምን ባሮም፡ ኣብ ዕድመኩተቴ ኮይነን ን፡ ኣብ ዘመን ወትሃደራዊ መንግሥቲ ኢንግሊዝ ከውግዑን ክጻወቱን ዝሰማዖም ዚነበራ፡ ናይ ሎሚዓበይቲ ኣዴታት ከምትማኢ ገቢረን ዝዝክርኦ ታሪኻዊ ፍጻሜእዩ።

እምብኣር ንሎሚ ነታ ዝተኣሰሩላን፡ ዝተውሃቦም ፍርድን እትገልጽ ጽሕፍቲ ናባኹምከብላ እሞ ኣብ ዝቕጽል ከፋል ድማዘለካ ተወክፍ እንድዩ ግዲ፣ ትርጉማን ካልእ ተዘኽሮታትይን ወሲኸ ደበኽ ክብል ክፍትን እየ።


የኤርትራ ድምፅ ይህን ትእዛዝ ተቀብሎ ያከብረዋል ይፈጽማል ።

እ ሥ መ ራ ።

በ"ኢትዮጵያ" ጋዜጣ አዘጋጅ በአዝማች ገብረ ሚካኤል ግርሙ ላይ የተፈጸመ ፍርድ ፤

ባለፈው ሳምንት በወጣው ጋዜጣችን እንዳስታወቅነው ሁሉ ፤ በፕሬዚደንቱ በደጃዝማች በየነ በራኺ ላይ ከተፈረደባቸው ያንድ ዓመት እሥራት በላይ ፤ በአገር ቤትና በአሥመራ መካከል የነበራቸውን የግዛት ሹመት በስሥልጣናቸው በዚያው ባደረጉት ዲስኩር ሰበብ ሽረዋቸዋል ።

እንደዚሁም የ"ኢትዮጵያ" ጋዜጣ አዘጋጅ አዝማች ገብረ ሚካኤል ግርሙ በሁለት ጎደኔት ወንጀል ተከሰው ፤ —— ማለት 1ኛ. በጥቃን የሚያናውጥ ነው በተባለው ደጃዝማች በየነ በራኺ የተናገሩትን ዲስኩር ተቀብለው በ"ኢትዮጵያ" ጋዜጣ በማሳተማቸው፤ 2ኛ. ይኸውም ዲስኩር በኢጣልያንኛ ተተርጉሞ በዚያው በ"ኢትዮጵያ" ጋዜጣ በማሳተሙትና በኢጣልያንኛ መታተሙ ለኢጣሊያኖች ሥጋት የሚያሳድር ነው ተብሎ በስለተገመተ በዚህ በሁለቱ ወንጀል ተከሰው ከቀረቡ በኋላ ፤ ምንም እንኳ አዝማች ገብረ ሚካኤል ግርሙ ጋዜጣውን የሚያስኬዱት በጥናው ፕሬዚደንትና ከሳቸውም በታች በሞኑት በጥናው ጸሐፊ ታዛዥነት ቢሆንና እንዚሁም ሁለት ልዎች በምስክርነት ልም ቀርበው ፍርድ ቤቱ ጠይቋቸው ፤ አዝማች ገብረ ሚካኤል ግርሙ የትግርኛውን ይሁን ወይም የኢጣልያንኛውን ዲስኩር እንዲያትሙት ፤ ማዘዛቸውን እያረጋገጡ በዚህ ምክንያት አዝማች ገብረ ሚካኤል ግርሙ በታዛዥነት ያደረጉት ሥራ ሊያስከስሳቸው የማይገባ መሆኑን በስፊው ቢያስረዱ ፤ የእንግሊዝ ፍርድ ቤት ምንም እንኳ ታዛዥ ቢሆኑ የጋዜጣው ኃላፊ ናቸው ከተባሉ ፤ አልቀበልም ብለው ማስቀረት ነበረባቸው እንጂ ፤ ተቀብለው ካሳተሙት ወንጀለኛ ናቸው ብሎ ፤

ለመጀመሪያው ክስ ፯ ወር እሥራት ፤ ይኸውም እሥራት ፍርዱ ከተሰጠበት ቀን ጀምሮ እስከ ሁለት ዓመት ድረስ ሌላ ጥፋት ባይገኝባቸው እንዲቀርላቸው ፤ ቢገኝባቸው ግን ፍርዱ ተፈጻሚነት እንዲያገኝ ፤

ለሁለተኛው ክስ ደግሞ በሦስት ቀን ውስጥ $ 1000 (አንድ ሺህ) ብር የማይማር መቀጫ እንዲከፍሉ ፤ ይህንን ባይከፍሉ ግን አንድ ዓመት እንዲታሰሩ ተፈርደባቸዋል ።

ማስታወቂያ ።

ግርማዊነታቸው በፈረስ ተቀ